# ወርሓዊ ድራር ኣዴታት መኸተ፡

# ጋንታ በይሉል !

ኩሉ ድሕሪ ሃገር ካብ ዝብለ ጥዑይ ኣመጻጽኣን ተባዕ ሕርያን፡ ብ28 መስከረም 2013 ንኻልኣይ ዙርያ ዘዳለውኦ ድራር መኸተ፡ ውዕዉዕ መንፈስ ዝዓሰሎ ምውዉቅን ኣሳታፍን ምሸት ተሰላሲሉ።

ኣዴታት ኤርትራ፡ ከም ወትሩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝበንን ሃገርን ዘለወን ፈልፋሊ ፍቅሪ፡ ዋሕዙ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ወቅትን ኩነትን፡ ዘየቋርጽ ምዃኑ ዘመስከረ፡ ድርብ መልእኽቲ ዘበሰረ ዕዉት መደብ ምንባሩ ኩሉ ተስታፊ መስኪሩሉ።





## ዕዉታት ኣዴታት ጋንታ ቤይሉል

ባህላዊ ምዝንጋዕን ጸወታን፡ ዋዛ ምስ ቅዉምነገር ጎድኒ-ጎድኒ እቲ ዓቢ ውራይ ተታሓሒዙ ዝኸይድ፡ ነቲ ምሸት ዝያዳ ዘድምቆ መደብ'ዩ።

ኣብ'ዚ ምሸት'ዚ ኣዴና-ኣደይ ምሕረት ነቲ ሓያል መልእኽቲ ዝሓዘለ ዕላለን ዘስተማቕረ ተሳታፋይ መንእሰይ፡ "እቲ ዝሰማዕክዎ ዛንታ፡ ኣቀራርብኡን ዋሕዚ ዛንታን ቁዉም-ነገሩን፡ ኣዝዩ መሃርን፡ ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲሩለይ" ኢሉ። ብምቅሉል ኣነጋግራ ዛንታን ምስ ረዚን ልቦናን ድርብ ትርጉም ዝሓዘለ ዛንታን፡ ብሰፊሑ ኣብ'ቲ ኣለሚኖ ዝቀረጾ ቪድዮ ክሊፕ ክትከታተልዎ ትዕደሙ።

ሓድነትናን ዝምድናን ዝያዳ ክሕይል፡ ምትሑቕቛፋትና ክተርርን ክድንፍዕን ዝግበር ዘሎ ወርሓዊ ድራራት መኸተ ሓደ ካብ'ቲ ዝለዓለ ኣስተዋጽኦ ዝገብር ዘሎ ንጥፈታት ኢዩ።

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)





ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ በዚ ኣጋጣሚ ነዚ ዕዉት መደብ፡ ልባዊ ምስጋና እናቕረበ፡ ነቲ ኣብ ዝመጽእ ውርሒ ጥቅምቲ ድራር እተዳሉ ጋንታ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ክሕብር ምዃኑ እናሓበረ፡ ከዳልዉ ዝቀራረቡ ጋንታታት፡ ምስ'ታ ድራራት እትሰርዕ ኮሚቴ ብምልዛብ፡ ኣብ መስርዕ ክኣትዉ ንሕብር፡፡

ዓወት ንሓፋሽ!

መኸተና ሸትኡ ክወቅዕ'ዩ፡፡

ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ ዋሽንግቶን ዲሲ፡፡

Print to PDF without this message by purchasing novaPDF (http://www.novapdf.com/)